# መሰረታዊ ፅንሰ ሓሳብ ንቅደም

# ሰዓብን ምጥጣሕ ማሕበረሰባዊ

# ምይይጥ ወይ ዘተ

# ሞዴል ስልጠና

ርእሲ:-

ክፋል 1 - ብሂራዊ ዘተ - መሰረታዊ  ትከላት ............................3

ክፋል 2 - መእተዊ ብዛዕባ ምጥጣሕ ማሕበረሰባዊ ዘተ ................6

ክፋል 3 - እቶም ሓሙሽተ መሰረታዊ ንጥፈታት ......................9

ክፋል 4 - ኣጀማምራን ቅደም ሰዓብን......................................13

ክፋል 5 - ስሪት ምውፃእ ......................................................15

ክፋል 6 - ናይ ጉጅለ ሓሳባት ምውዳብ ..................................17

ክፋል 7 - ሜላታት ኣፈታትሓ ዘይምስምማዕ............................21

ክፋል 8 - ምክትታል እቲ መስርሕ........................................24

ክፋል 9 - ኣወዳድባ ናይቲ ዘተ.............................................27

ክፋል 10 - መጋበርያታት ምሃብ ውሳነ ..................................28

ክፋል 11 - ምዝዛም ዕማማት ምጥጣሕ ማሕበረሰባዊ ዘተ ..........33

## ክፋል 1 - ብሄራዊ ዘተ - መሰረታዊ መትከላት

### 1.1.1. ብሄራዊ ዘተ እንታይ እዩ?

እንታይነቱ- ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ ብሄራዊ ዘተ ኣብዘሓ ክፋል ማሕበረሰብ ዝሓቖፈን እቲ ማሕበረሰብ ብዋንነት ዝመርሖን መስርሕ ዘተ እዩ። ብሄራዊ ዘተ ብቐንዱ ዝካየድ ዓብይ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ዝህልወሉ እዋን፣ ንኹሉ ሕብረተሰብ ዝፀሉ ብሄራዊ ቅልውላው ምስ ዘጋንፍ፣ ካብ ሓደ ፖለቲካዊ ስርዓት ናብ ካልእ ፖለቲካዊ ስርዓት ምስግጋር ክግበር ከሎ፣ እቲ ኣረጊት ስርዓት ደጊም ተቐባልነት ስኢኑ ሓድሽን ሓቛፊይን ስርዓት ንምዝርጋሕ ከምኡውን ካልኦት ዘኣመሰሉ ኵነታት እንትፍጠሩን ክካይድ ይኽእል።

ዕላምኡ- ኣብ ሃገር ዘጋጠሙ ወጥሪታት ንምህዳእ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ስምምዕ ንምብፃሕ ወይ (ሓድሽ) ትካላዊ መዋቕር (ዳግማይ) ንምትካል፡ ወይ ካብ ቅልውላው ናይ ምሕዋይ ንጥፈታት ንምክያድ ክኸውን ይኽእል።

ብሄራዊ ዘተ ውፅኢታዊ ንክኸውን ካብ ዘድልዩ ቅድመ ኵነታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም።

1. ብሓቂ "ብሄራዊ" ንክኸውን፡ ንብዙሕነት ህዝቢ እታ ሃገር ብብዙሕነቱ ክሳተፍ/ክውክል ኣለዎ፡ ወይ ድማ ብሓፂሩ ንኹሉ ዝሓቁፍ ክኸውን ኣለዎ።
2. ብሃገር ብርኪ ዋንነት ክህልዎ ኣለዎ - እዚ ድማ ተቐባልነት ንኽረክብ ይገብር።
3. ብግቡእ ክጣጣሕ ኣለዎ - ተሳተፍቲ ፀቕጢ ከይተሰምዖም ድምፆም ከም ዝተሰምዐ ክስምዖም ይግባእ።

### 1.2. ብሄራዊ ዘተ ካብ ካልኦት ስርዓታት ኣፈታትሓ ጎንፂታት ይፍለ

ብሄራዊ ዘተ ካብ ድርድርን ሽምግልናን ዝተፈልየ ትሕዝቶን ኣሰራርሓን ኣለዎ።

ድርድር - መንግስታትን/ወይ ካልኦት ኣካላትን ብዘይ ካልእ ኣደራዳራይ ወይ ሽምጋላይ ወገን ኣብ ሓደ ጉዳይ ዝዛተዩሉ፣ ወይ ሓሳባት ዝለዋወጡሉን ኣብ ስምምዕ ዝበፅሑሉን ኵነት እዩ።

ኣብቲ ጉዳይ ዝሳተፉ ቀንዲ ኣካላት ኣብቲ ዘይምስምማዕ ቀንዲ ተዋሳእቲ እዮም።

ሽምግልና- ብፍቓዶም፡ ሳልሳይ ወገን ወኪሎም ኣፈላላዮም ንምፅባብ ወይ ባእሶም ንምዝሓል ዝገብሩዎ ፃዕርን መስርሕን እዩ።

ኣብቲ ጉዳይ ዝሳተፉ ቀንዲ ኣካላት ቀንዲ ተዋሳእቲ ናይቲ ዘይምስምማዕ እንተኾኑ ከከም ኩነት እቲ ዘይምስምማዕ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት እውን ክሳተፉዎ ይኽእሉ እዮም።

ብሄራዊ ዘተ - ጎንፂታትን ዘይምስምማዓትን ብዝለዓለ ብርኪ ምስ ዝፍጠሩ፡ ወይ ፖለቲካዊ ስምምዕ ምስ ዝሰኣን። ብሄራዊ ስኒት ንምምፃእ ከም ሃገር ዝምራሕ፣ ኩሉ ንክሓቁፍ ጌርካ ዝካይድ ዘተ እዩ።

ኣብቲ ጉዳይ ዝሳተፉ ሰባት ቀንዲ ተዋሳእቲ ናይቲ ዘይምስምማዕ ጥራይ ዘይኮኑስ፡ ነቲ ጉዳይ ብቐረባ ዝከታተልዎ ሰባት እውን ይሳተፉዎ እዮም።

## 1.3. ደቂ ኣንስትዮን ስርዓተ-ፆታን ኣብ ብሄራዊ ዘተ ምስታፍ እንታይ ማለት እዩ?

### ሓጇፉይነት

እቲ ብሄራዊ ዘተ ኣዕጋብን ንኹሉ ዝሓቁፍን ንክኸውን ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ከም ደቂ ኣንስትዮ፤ ኣካለ-ስንኩላን፣ መናእሰይ፣ ፖለቲካዊ ውድባትን ካልኦትን ክሓቁፍ ምስ ዝኽእል እዩ።

ዝያዳ ንኹሉ ዝሓቖፍ መስርሓት ዝያዳ ዘላቒ ውፅኢት ከምዘምፅኡን ፆታዊ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ንምምዕርራይን ብዙሓት ኣህጉራዊ (ዓለም ለኻዊ) ሕጋዊ ግዴታታት እኳ እንተሃለዉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ድርድር ባህላዊ ሰየምቲ (ስሙያት ሰባት) ኮነ ከም ብሄራዊ ዘተ ዝበሉ ሰፋሕቲ በዓል ብዙሕ መዳርግቲ ኣካላት ምይይጣት፡ ኣብ ዝተፈላለየ መስርሓት ሰላምን ዘተን ብኣዕጋቢ መጠን ክሳተፉ ኣይረአያን።

ዕላማ እቲ ብሄራዊ ዘተ ንሓፂር እዋን ዝፀንሐ ቅልውላው ንምፍታሕ እንተኾይኑ ኣብዘሓ ክፉል ሕብረተሰብ ምስታፍ ኣድላዪ ዘይክኸውን ይኽእል፤ ኣብቲ ጎንፂ ዝተሳተፉ ወገናት እንተኣሳቲፉ እኹል ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ዕላማ እቲ ዘተ ኣብ መንጎ መንግስትን ሕብረተሰብን ዘሎ ርክብ ንምትዕርራይ፣ ኣብ መንጎ መንግስትን ሕብረተሰብን ሓዱሽ ውዕል ንምፍጣር እንተኾይኑ ንመብዛሕትኡ ሕብረተሰብ ዘጠቓልል ክኸውን ይግባእ።

ኣብዚ ዋኒንና ካብቲ ኣዋጅ ከም እንርድኦ እቲ ብሄራዊ ዘተ ዘድለየ ህልው ጎንፂ ንምፍታሕ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ስኒት ንምፍጣርን ኣብ መንጎ መንግስትን ሕብረተሰብን ሓዱሽ ውዕል ንምፍጣርን እዩ። ስለዚ፣ ብዙሓት ወከልቲ ሕብረተሰብ ምስታፎም ዘይተርፍ እዩ።

**ሓቓፋይነት ስለምንታይ የድሊ?**

- ስምምዓት ሰላም ብኹሉ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ረኺቡም ዘላቒነት ንክህልዎም ከምኡውን ኣብ ተግባር ንክውዕሉ ሓቓፋይነት ረብሓ አለዎ።
- 
- ስምምዓት ሰላም ብኹሉ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ረኺቡም ዘላቒነት ንክህልዎም ከምኡውን ኣብ ተግባር ንክውዕሉ ሓቓፋይነት ረብሓ አለዎ።
- ዘተታት ንኹሉ ዝሓቁፉ ምኳኖም ኣብቶም ዝሰማምዑ ወገናት ናብ ሓደ ሓሳብ ንኽመፁ ፀቕጢ ንምግባር ይሕግዝ።
- ሕጋውነት ንምርግጋፅ፣ ተሳትፎ ንምርግጋፅን ተበፃሕነት ንምስፋሕን ንምብፃሕ ኣፀጋሚ ዝኾኑ ወገናት ንምስታፍን ፍልጠቶምን ክእለቶምን ንምጥቃምን ይሕግዝ።
- ሓቓፋይነት ኣብታ ሃገር ሰላምን ዘላቒ ዕቤትን ንክሰፍን ይገብር።
- ኣብ መወዳእታ ድማ ሓቓፋይነት ተሓታትነት ንምምስራትን ዝተበፅሑ ስምምዓት ኣፈፃፅማ ንምክትታልን ይጠቅም።

## ክፋል 2 - መእተዊ - ብዛዕባ ኣጣጣሒነት ዘተ

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤

- ናይ ኣጣጣሒነት ፅንሰ ሓሳብ ምልላይ
- መሰረታዊ መተኸሮ ትሕዝቶ/መስርሕ ምጥጣሕ ዝኾነ ሞዴል ምፍላጥ
- ብዛዕባ ግደ ምጥጣሕ ዝምልከት ዝረኣዩ ግጉይ ኣረኣእያታት ምንፃር

### 2.1 - መእተዊ

ምጥጣሕ (facilitation) ዝብል ቃል ካብ 'facile' ዝብል ቃል ዝመፀ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ "ብውሑድ ፃዕሪ" ንምባል እዩ።

- ምጥጣሕ ክንብል እንከለና ኣንፈትን መልሲን ምሃብ ዘይኮነስ ሓፈሻዊ ዕላማን መስርሕን ምርኣይ እዩ።
- ፍሉይ ፍልጠትን ክእለትን ኣባላት ጉጅለ (ተሳተፍቲ) ንምውፃእ ይሕግዝ።
- ግደ ናይቲ ኣጣጣሒ ነቲ መስርሕ ብሓፈሻ ምክትታልን ኣዕጋቢ/ውፅኢታዊ ምግባርን እምበር ብውፅኢቱ ጥራይ ምዕጋብ ኣይኮነን።

### 2.2 - ዕላማ ምምሕያሽ

ቀንዲ ዕላማ ናይ ሓደ ኣጣጣሒ፡ እታ ጉጅለ ብዝበለፀ ኣዕጋቢ መገዲ ክትሰርሕ ምግባር እዩ።

ኣዕጋብነት ክበሃል እንከሎ፤

- ኩሎም ኣባላት ክሳተፉ ምግባር
- ግዜ ብግቡእ ምጥቃም
- ሰባት ብስልጡን ኣገባብን ብኣኽብሮትን ክዛረቡ ምግባር
- ኹሎም ሓሳባት ክድመፁ ምኽኣሎምን ነፍሲ ወከፍ ቴማ/ቁምነገር ብጥንቃቐ ክሕሰበሉ ምኽኣሉን ምርግጋፅ
- እቲ ዝብፃሕ መደምደምታ ኣብ ዳታ/ሓበሬታ ዝተመርኮሰ ምዃኑ

- ዝተበፅሐ መደምደምታ ድማ ናብ ዕሬት ዘለዎ ፍታሕን ፖሊሲ ሓሳባትን ክብፅሕ ዝኽእል ምኳኑ

2.3 - ኣብ መንነ ኣካቢን ኣጣጣሒን ዘሎ ኣፈላላይ

- ልሙድ ግደ ኣቦ መንበር ወይ መራሒ ኣኼባ ኣብቲ ዘተ ምስታፍን ውሳነታት ምሃብን ኮይኑ፡ ግደ ኣጣጣሒ ግን ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ።
- ኣጣጣሕቲ ዘይሻራዊታት ኮይኖም ውልቃዊ ርእይቶ ካብ ምሃብ ንላዕሊ ስሉጥ ምይይጥ ንክካይድ የወሃህዱ።
- ኣጣጣሕቲ ግብረ መልሲ ካብ ምሃብ ንላዕሊ ተሳትፎ ብምትብባዕ ድምፂ ኩሎም ተሳተፍቲ ከምዝተሰምዐ የረጋግፁ።
- ኣጣጣሕቲ ውሳነታት ኣብ ክንዲ ዝውስኑ ኣባላት ጉጅለ ኣብ ውሳነ ክበፅሑ ዝኽእሉሉ መገድታትን ኣገባባትን የርእዩ።

2.4 - መሰረታዊ ሓሳብ

ኣጣጣሒነት ኣወንታዊ ኣረኣእያ ይሓትት። ኣብ ዙርያ እቲ "ሓደ ሓይሊ ማዕረ ክልተ" ዝብል መሰረታዊ ሓሳብ እዩ ዝትኮር። እዚ እንተበሃል፤

- ሰባት በላሕትን መስተውዓልትን ስለ ዝኾኑ ፅቡቕ ስራሕ ክሰርሑ ይኽእሉ።
- ሓደ ጉጅለ ሰባት እቲ ሓላፍነትን ደገፍን እንተተዋሂብዎም በይኖም ዝሰርሑ ውልቀሰባት ክገብርዎ ዘይክእሉ ብምግባር ፅቡቕ ውፅኢት ክረኽቡ ይኽእሉ፤

2.5 - ካብዚ ሓሊፉውን ኣጣጣሕቲ ኣብዞም ዝስዕቡ ይኣምኑ

- ሰባት ቅኑዕ ነገር ክገብሩ ይደልዩ - ይኽእሉውን እዮም ኢሎም ይኣምኑ፤
- ጉጅለታት ሰባት ካብ ውልቀ ሰባት ዝሓሸ ውሳነ ክወስዱ ከምዝኽእሉ ይኣምኑ፤

- ናይ ተሳተፍቲ ሓላፍነትን ብርኪን ብዘየገድስ ናይ ኩሉ ሰብ ርእይቶ ማዕረ ዋጋ ከም ዘለዎ ይኣምኑ፤

- ሰባት ዝያዳ ኣብ ትሕቲ ናይ ባዕሎም ሓሳብን መደብን ክግዝኡ እዮም ዝብል እምነት ኣለዎም፤
- ኣባላት ናይ ሓደ ጉጅለ ዝኾኑ ውልቀሰባት ንውሳነታቶም ሓላፍነት ክወስዱ ይኽእሉን ይወስዱን እዮም ኢሎም ይኣምኑ፤
- ኣባላት ጉጅለ ግቡእ መጋበርያታትን ስልጠናን እንተተዋሂብዎም ኣብ ሕድሕዶም ዝፍጠር ጎንፂታት፣ ባህርያቶምን ዝምድናታቶምን ከማሓድሩ ከምዝኽእሉ ይኣምኑ፤
- እቲ መስርሕ ብግቡእ ተሓሲቡ ብሰናይ ድሌት እንተተተግቢሩ ውፅኢት ከም ዘምፅእ ይኣምኑ።

2.6 - ሞዴል ትሕዝቶ/መስርሕ

ሞዴል ትሕዝቶ/መስርሕ ንኣጣጣሒነት መበገሲን መተኾሮን እዩ።

- ትሕዝቶ ኣብቲ ኣኼባ ዝዝተየሉ ዛዕባ ኾይኑ፡ ነቲ ኣብ ኢድ ዘሎ ዕማም፡ ኣርእስቲ ዘተን ዝተፈትሐ ዛዕባን ይምልከት።
- እቲ ትሕዝቶ በቲ ዝተዳለወ ኣጀንዳን ብቓልን ይገለፅ። መብዛሕትኡ ግዜ ትሕዝቶ ናይቲ ኣኼባ ንኹሉ ንፁር ኮይኑ ብሕልፊ ድማ ንኣእምሮ ተሳተፍቲ ዝማርኽ እዩ።

ብኣንፃሩ -

- መስርሕ እንትበሃል እቲ ዘተ ብኸመይ ከምዝካየድ፤ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ኩሎም ሜላታት፣ ስርዓታትን ኣገባባትን ዝምልከት እዩ።
- ካብዚ ሓሊፉ መስርሕ እንትንብል ውዕሊ ምትእስሳር፣ ኣገባብ ኣሰራርሓ ዕዮ ጉጅለን ሃዋህው ዘተን የመልክት።

## ክፋል3 - እቶም ሓሙሽተ መሰረታዊ ንጥፈታት

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤

- ሓሙሽተ መሰረታዊ ንጥፈታት ምጥጣሕ ምንፃር፤
- ነዞም መሰረታዊ ንጥፈታት ብተግባር ምርኣይ፤
- ዘይሻራዊ ምዃን ማለት ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ምርኣይ፤
- እቶም ሓሙሽተ መሰረታዊ ንጥፈታት ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ክትጥቀመሎም እትኽእል መገድታት ምሕባር እዮም።

3.1 - እቶም ሓሙሽተ መሰረታዊ ንጥፈታት

ዓይነት ኣኼባ ብዘየገድስ፡ በዝሒ ተሳተፍቲ ብዘየገድስ፡ ከምኡ'ውን ካልእ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዝኾነ ናይ መስርሕ ኣተገባብራ መጋበርያ ብዘየገድስ - ኣጣጣሕቲ ነዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ መሰረታዊ ንጥፈታት ብቐፃሊ ክጥቀሙ ትዕቢት ይግበር።

ንሳቶም ውን:

1. ዘይሻራዊ ምዃን/ኣብ ዘይሻራዊነት ምትካል
2. ንጡፍ ምድማፅ
3. ዝተባህለን/ዝተፃሕፈን ኣሕፂርካ ምግላፅ
4. ሕቶታት ምሕታት
5. ነቲ ቁምነገር ኣሕፂርካ ምቕራብ (መጠቓለሊ ምሃብ) እዮም።

መሰረታዊ ንጥፈት # 1 - ዘይሻራዊ ምዃን

እቲ ቀዳማይን ኣገዳስን መሰረታዊ ንጥፈት ኣብ ዘይሻራዊነት ምትካል እዩ።

- ናይ ኣጣጣሒነት ግደ መሰረታዊ ባህሪ ዘይሻራዊነት እዩ።
- ኣጣጣሕቲ ክፈርዱ፣ ክሰማምዑ፣ ዘይክሰማምዑ፣ ወይ ክፃረሩ ኣይግደዱን፤ ውፅኢት እቲ ዘተ ክውስኑ እውን ትዕቢት ኣይግበርን፤

- ኹሉ ግዜ ጠመተኦም ኣብቲ መስርሕ ጌሮም ትሕዝቶ ዘተ ንተመያየጥቲ ክገድፍዎ ይግባእ።
- ኣጣጣሕቲ ብምንቅስቓስ ኣካላቶምን ገፆምን ብገርሆም ዘይሻራዊነቶም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእትዉ ክጥንቀቑ ኣለዎም።

**መሰረታዊ ንጥፈት # 2 - ንጡፍ ምድማፅ**

እቲ ካልኣይ መሰረታዊ ንጥፈት ኣጣጣሕቲ ንጡፍ ምድማፅ እዩ።

- ኣቓልቦ ሂብካን ቀላሕታ ጌርካን ብንጥፈት እንድሕር ኣዳሚፅካ፡ ሰባት እንታይ ይብሉ ከምዘለዉ ምርዳእ ይከኣል።

**መሰረታዊ ንጥፈት #3 - ዝተባህለ/ዝተፃሕፈ አሕፂርካ ምግላፅ**

እቲ ሳልሳይ መሰረታዊ ተግባር ድማ ምጥማር ምኽኣል እዩ።

- ኣጣጣሕቲ ነቲ ዝተባህለ ብሓፂሩ ዳግማይ ብምግላፅ ሓሳብ ተሳተፍቲ ምድማፆ የረጋግፁ። ከምኡ ምግባር ነቲ ሓሳብ ንምንፃር ይሕግዝ፣ ሓደሽቲ ሓሳባት ንክቐርቡ እውን የተባብዕ።

**መሰረታዊ ንጥፈት # 4 - ሕቶታት ምሕታት**

እቲ ራብዓይ መሰረታዊ ንጥፈት ምሕታት እዩ።

- ቀጥታውን ኣመያየጥቲን ሕቶታት ብምቕራብ፣ ተሳተፍቲ ሓሳባቶም ክነፅሩ ምግባርን ሓደሽቲ ሓሳባት ክቕርቡ ምግባርን፣
- ኣጣጣሕቲ ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ዘተ ዘይሻራውያን ስለ ዝኾኑ፡ ነቲ ዘተ ንምጥጣሕ  ዝሕግዝ ኣዕጋቢ መጋበርያ ሕቶታት ምሕታት እዩ።

**መሰረታዊ ንጥፈት # 5 - ቁምነገር ምፅማቕ**

እቲ ሓምሻይ መሰረታዊ ንጥፈት ምጥማር እዩ። ከምዚ ክንብል እንክለና፣

- ሕፅር ዝበለን እዋናውን መጠቓለሊ ናይቲ ትሕዝቶ ምግባር፣
- ኣብ መደምደምታ ነፍሲ ወከፍ ዘተ ናይ መወዳእታ መጠቓለሊ ክወሃብ ኣለዎ፣

- ሓፂር መጠቓለሊ ናይቲ ዘተ መደምደምታ የብፅሕ (ይሕልፍ)፣
- ክፀንሕ ተገይሩ ንዝነበረ ዘተ ከም ብሓዱሽ ንምጅማር ንምጅማር እውን ይሕግዝ።

## 3.2 - ስትራተጂታት ዘይሻራዊነት

ኣመሓደርቲ ዋላ'ኳ ዘይሻራዊታት እንተኾኑ፡ መደምደምታን ውፅኢትን ናይቲ ዘተ ኣብ ምቅራፅ ተራ ኣለዎም።

ናይዚ ቁልፊ ነገር ነዞም ስትራተጂታት ምኽታል እዩ፣

ቀዳማይ ስትራተጂ - ሕቶታት ምልዓል

ካልኣይ ስትራተጂ - ለበዋ ምቅማጥ

ሳልሳይ ስትራተጂ - ቆቢዕ ኣጣጣሓይነት ምውፃእ

### ስትራተጂ ዘይሻራዊነት #1 - ሕቶታት ምሕታት

ኣጣጣሕቲ ክንዲ ዝኽኣልዎ ጉጅለታት ምይይጥ ክጋገዩ ኣይፈቕዱን እዮም።

ምእንቲ ምሕጋዝ ከኽእሉ ሕቶታት ብምልዓል ተመያየጥቲ ኣባላት ጉጅለ ኣብ ወሰንቲን ረብሓ ዘለዎምን ዛዕባታት ከድህቡ ይገብሩ።

ተሳተፍቲ ቴማ ናይቲ ዘተ ኣይተረድኡን ኢሎም ምስ ዚኣመኑ፡ ኣጣጣሕቲ "እዚ መርገፂ ነዚ ሾነት ክሰርሕ ኣይክእልን ድዩ?" ኢሎም ክሓትቱ ይኽእሉ።

ኣጣጣሕቲ ሕቶታት ብምልዓል ተመያየጥቲ ናይ ሓሳብ ኣድማዕም ከስፍሑ ክሕግዙ ይኽእሉ። ኣብዚ ጉዳይ እዚውን ዘይሻራዊነት ይዕቀብ መኽንያቱ ኣብ መወዳእታ ኣብ መደምደምታ ምብፃሕን ውሳነ ምሕላፍን ናይ ተሳተፍቲ ሓላፍነት ስለዝኾነ።

### ስትራተጂ ዘይሻራዊነት # 2 - ለበዋ ምቅማጥ

ኣጣጣሕቲ ብተወሳኺ እውን ናይ ትሕዝቶ ለበዋታት ክህቡ ይኽእሉ እዮም።

ንኣብነት ኣጣጣሕቲ እዚ ዝስዕብ ለበዋ ክህቡ ይኽእሉ፤

*"መርገጺ ሀ ንተመሳሳሊ ኾነት ከም ዝሰርሕ እፈልጥ እየ። እዚ መርገጺ ነቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ዛዕባ ከም ኣማራጺ መፍትሒ ክትቆፅርዎ እላቦ።"*

እቲ ብኣጣጣሒ ዝቐረበ ለበዋ ተሳተፍቲ ሓሳባት ንኽፈልፍሉ ንምብርባር ክሳብ ዝኾነን ተሳተፍቲ ኣብቲ ጉዳይ ናይ ምውሳን ሓላፍነቶም ክሳብ ዝተዓቀበን በቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ኣገባብ ለበዋ ምቕራብ ንዘይሻራዊነት ናይቲ ኣጣጣሒ ኣይፀልዎን እዩ፤ ዘይሻራዊነቱውን ይዕቀብ።

ስትራተጂ ዘይሻራዊነት #3 - ቆቢዕ ኣጣጣሓይነት ምውፃእ

ኣጣጣሒ ብተሳተፍቲ ዝድለ ፍሉይ ፍልጠት ምስ ዝህልዎ ብቐሊሉ ፍልጠቱ ንተአከብቲ ከካፍል ይኽእል።

ኣብ ከምዚ ኾነት እቲ ኣጣጣሒ ካብቲ ናይ ኣጣጣሒ ግደኡ ወፂኡ ነቲ ንተአከብቲ ዘድሊ ፍሉይ ፍልጠት ብምክፋል ናብ ዘይሻራዊነቱ ይምለስ።

ንኣብነት ሓደ ኣጣጣሒ ከምዚ ክብል ይኽእል፤

"ንገለ ደቓይቕ ቆቢዕ ኣጣጣሓይነት ኣውፂአ ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ኢንደስትሪ ዘሎ ኹነታት ከምቲ ዘለዎ ክነግረኩም..."

ጥንቃቐ:

- ቆቢዕ ናይቲ ኣጣጣሓይነት ደጋጊምካ ምውፃእ ናይ ምጥርጣርን ጣልቃ ምእታውን ስምዒት የዕቢ። ካብ ተራ ኣጣጣሒ ብተደጋጋሚ ምውፃእ ኣብ ዘይሻራዊነት ጥርጣረ ከስዕብ ስለ ዝኽእል ጥንቃቐ የድሊ።

## ክፋል 4 - ኣጀማምራን ቅደም ሰዓብን

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤

- ኣጀማምራ ብኣጣጣሒ ዝድገፍ ኣኼባ ዚህልዎ ኣቃውማ ምርኣይ፤
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት አጀማምራ ቅደም ሰዓብ ምልላይ፤
- አጀማምራን ቅደም ሰዓብን ከመይ ጌሩ ኣቓልቦ ተሳተፍቲ ከይሰኣነ ክሳብ መወዳእታ ክጓዓዝ ከም ዝኽእል ምርኣይ።

### 4.1 - መእተዊ - ብዛዕባ ኣጀማምራን ቅደም ሰዓብን

ኣኼባታት ብቐሊሉ ካብ መስመር ክወፁ ይኽእሉ እዮም። ደረት እቲ ዘተ እንተደኣዘኢተነፂሩ፡ እቲ ዘተ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ'ቲ ዕላማ ወፃኢ ይኸይድ።

### 4.2 - ንመበገሲ ዝኸውን ክፍልታት

እቲ ምጅማር እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ክፋላት ክህልዉዎ እዮም፤

#1 - ዕላማ - ዕላማ እቲ ኣኼባን ኣብ ምንታይ ዛዕባ ምይይጥ ከምዝግበርን ዝገለፀሉ እዩ። እቲ ትዕቢት ዝግበረሉ ውዕኢት ኣኼባ እውን ኣብዚ ክግለፅ ይኽእል እዩ።

#2 — እቲመስርሕ — እቲ ኣኼባ ብኸመይ ከም ዝካየድ፣ ውሳነታት ብኸመይ ከም ዝወሃቡን እንታይ ዓይነት መጋበርያታት ኣብ ጥቕሚ ከምዚውዕሉን ይገልፅ።

#3 - ሰደቓ ግዜ (መደብ ስራሕ) - እቲ ምሉእ ኣኼባ ክንደይ ግዜ ከም ዝወስድን ዝርዝር ዕማማት መዓዝ ከም ዝፍፀሙን ዝገልፅ እዩ።

ኣብ አጀማምራ ዝኣትዉ ዕላማታት፣ መስርሕን ናይ ሰደቓ ግዜን በዚ ዝስዕብ አገባብ ብዝርዝር ክርአ ይከኣል።

ዕላማ:

- ዝዝተየሉ ዛዕባ፤
- ደረት ዘተ፤
- ስልጣን ውሳነ ምሃብ ጉጅለታት፤
- ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት፤

መስርሕ:
- እቲ ዘተ ብኸመይ ክዋደድ ይኽእል?
- እቲ ኣርእስቲ ብኸመይ ይምቀልን ይውደብን፤
- ነቲ ዘተ ዘገልግሉ ሜላታትን መጋበርያታትን፤
- እቲ ውሳነ ብኸመይ ይውሰን?

ግዜ:
- ንነፍሲ ወከፍ ክፋል ዝተመደበ ግዜ
- ጠቕላላ ዝወሰዶ ግዜ

4.3 - ክፀንሑ ዝግበኦም ነገራት ክፀንሑ ምግባር
ክፀንሑ ዝግብኦም ዛዕባታት ከምዝፀንሑ ኣብ ምጅባር ምንፃር ይከኣል።

ዝፀንሑ ዛዕባታት ክበሃል ከሎ፤

- ባዶ ፍሊፕ ቻርት ኣብ መንደቕ ይጥቃዕ።
- ሽዑ ንዘተ ዘይቀረቡን ክፀንሑ ዝግበኦምን ዛዕባታት፣ ሕቶታትን ስክፍታታትን ኹሎም ኣብኡ ይፀሓፉሉ።
- ከምኡ እውን ብሰንኪ ሕፅረት ግዜ ክናውሑ ዝግበኦም ዛዕባታት ዘተ ይፀሓፉሉ።

መዕንሒ እንትበሃል ከም መፀበዩ ክፍሊ ሆስፒታል ወይ ኣብ መዕረፊ ኣየር ሪጋ መፀበዩ ክንሪኦ ንኽእል ኢና።

ምዕናሕ ንምንታይ የድሊ?
ሜላ ምዕናሕ ንዓቐን ናይቲ ዘተ ንምቁፅፃር ይሕግዝ። እቲ ሜላ ንኣጣጣሕቲ በዞም ዝስዕቡ መገድታት ክሕግዞም እዩ፤

- ምሉእ ጠመተ ኣብቲ ኣርእስቲ ንከይኸውን ዘዕንቅፉ ዛዕባታት ይኣልይ።
- ነቲ ኣርእስቲ ባዕዲ ዝኾኑ ዛዕባታት ንምልላይ ይሕግዝ።
- ናይ ቀፃሊ ዘተ ዘድልዮም ጉዳያት ንምልላይ የኽእል።

ብርግፅ ዛዕባታት ምዕናሕ ካልእ እዋን ንምምይያጥ ምድላው እዩ። ኣብ ዝፀንሑ ዛዕባታት ዘተ እንተዘይተጌሩ ግን ምትእምማን የስእን እዩ።

## ክፋል 5 - ምውፃእ ደምቢ

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤

- ኣብ እዋን ዘተ ክህልዉ ዝኽእሉ ብድሆታት ምርኣይ፤
- ደምቢታት ዘተ ምቕማጥን ብኸመይ ኣወንታዊ ናይ ዘተ ሃዋህው ክፈጥር ከም ዝኽእል ምርኣይን፤
- ምውፃእ ደምቢታት ዘተ ከመይ ጌሩ ነቲ ጉጅለ ዝያዳ ውፅኢታዊ ክገብሮ ከም ዝኽእል ምርኣይ፤
- ኣፀጋሚ ኩነት ኣብ ዘጋጥም እዋን፡ ብደምቢታት ኣቢልካ ዝፍተሓሉ ኣገባብ ሓሳብ ምቕራብ እዩ።

### 5.1 - ደምቢ ትርጉሙ ምንታይ እዩ?

ነቲ ዘተ ንምጥጣሕ መስርሕ ዘተን ኣካይዳ ተሳተፍቲን ዘመሓድር ውሽጣዊ ደምቢታት ብተሳተፍቲ ይወፅእ። ከምዚ ዓይነት ደምቢ፡ ደምቢ ዘተ ይበሃል።

እቲ ደምቢ መምርሒ ኣኼባ፡ ወይ መትከል ስነ-ምግባር ተሳተፍቲ ተባሂሉ'ውን ክፅዋዕ ይኽእል።

ኣጣጣሕቲ ዝኾነ ኣኼባ ኣብ ዘካይዱሉ እዋን እቲ ኣኼባ ዝምሕደረሉ ደምቢታት ወይ መምርሒታት ከምዘሎ የረጋግፁ።

### 5.2 - ኣብነት ደምብታት ኣኼባ

ኣብነታት ናይ ልሙዳት ደምብታት፤

- ንኹሉ ሓሳባት ብጥንቃቐ ንሰምዖ።
- ናይ ኩሉ ሰብ ሓሳብ ይኸበር።
- ሰብ እናተዛረበ ከሎ ምቁራፅ ክልኩል እዩ።
- ኣብቲ ኣኼባ ዝተባህለ ኩሉ ኣብቲ ኣኼባ እዩ ዝተርፍ።
- ፍልልያት ነኽብርን ብግቡእ ንማሳትን እምበር ናብ ነገር ኣየምርሕን/ኣይወስድን እዩ፤

### 5.3 - ደምብታት ኣኼባ ዝወፅእሉ ኣገባብ

#1- ኣብቲ ቅድሚ ኣኼባ ምስ ኣባላት ጉጅለ ኣብ ትገብሮ ቃለ መሕትት፡ ኣጣጣሒ ብዛዕባ እቲ ዘተ ዝያዳ ውፅኢታዊ ክገብሩ ዝኽእሉ ውሽጣዊ ድምብታት ክሓቶም ይኽእል እዩ።

ቀጺሉ ኣጣጣሒ ብዛዕባ እቲ ደምቢ ዝምልከት ሓሳብ ንተሳተፍቲ ብምቕራብ ክፅድቕዎ ይሓትት።

#2 -ዝኾነ ኣኼባ ቅድሚ ምጅማሩ፡ እቲ ኣጣጣሒ ንተሳተፍቲ ነቲ ዘተ ዝያዳ ኣፍራይ ዝገብሮ መገድታት ሓሳብ ክህቡ ክሓትት ይኽእል።

#3 -እቲ ጉጅለ ውፅኢታዊ ኣብ ዘይኮነሉ እዋን፡ እቲ ኣመሓዳሪ ነቶም ተሳተፍቲ ኣብ መንጎ ሓድሽ ደምቢ ክውፅኡ ክሓቶም ይኽእል። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነት እቲ ዘተ ንግዚኡ ደው ብምባል ነቲ ፍሉይ ፀገም ንምፍታሕ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ደምቢታት ክወፅእ ይኽእል።

#4 -ቅድሚ ኣብ ከበድትን ጥንቃቐ ዘድልዮምን ዛዕባታት ምዝታይ፡ እቲ ኣጣጣሒ ነቶም ተሳተፍቲ ነቲ ዘተ ዝኸውን ደምቢታት ንኽቐምጡ ክሕግዞም ይኽእል።

ከምዚ ዓይነት ደምቢታት ምህላው ተሳተፍቲ ሓሳባቶም ብነፃነት ክገልፁ የኽእሎም።

5.4 - ምቁፅፃር ፅዕንቶ

ተሳተፍቲ ውፅኢታዊ ደምቢ ክህሉ ዝኽእል ሓሳብ እንተዘይኣቕሪቦም፡ ደምቢ ክወፀሎም ይኽእል።

ኣጣጣሕቲ ነቲ ዘተ ኮነ ኢሎም ንዝዘርጉ ተሳተፍቲ ክፃወሩ ትፅቢት ኣይግበርን።

ኣብ ከምዚ ኩነት እቲ ኣጣጣሒ ዝተፈልየ ደምቢ እንተዘይተገይሩ እቲ ዘተ ከምዘይቅፅል ክፍልጥ ይኽእል እዩ።

## ክፋል6 - ናይ ጉጅለ ሓሳባት ምምዝጋብ

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤

- ዕላማን ኣገዳስነትን ኣጠቓቕማ ቻርት ምንፃር፤
- ደምቢታት ኣጠቓቕማ ቃላት ምንፃርን ብተግባር ምርኣይን፤
- ኣብ ኣጠቓቕማ ቻርት ብሉፃትን ዝኸፍኡን ኣሰራርሓታት ምግምጋም፤

### 6.1.1 - ኣገዳስነት ኣብ ቻርት ምፅሓፍ

ጉጅለታት ዝተመያየጡሉን ዘቕረቡዎን ዛዕባ ብግቡእ ንክፀሓፍ ምውዳድ ቀንዲ ሓላፍነት ኣጣጣሒቲ እዩ። ኣብ ቻርት ዝፀሓፍ ካብ ናይ ኣኼባ ቃለ ጉባኤ ዝተፈለየ እዩ።

- ቃለ ጉባኤ ሓፂር መግለፂ ናይቶም ዝሓለፉ ውሳኔታትን መደባትን ኮይኑ እቶም ኣባላት ድማ እቲ ዘተ ምስተዛዘመ ዝርእይዎ እዩ።
- ኣብቲ ቻርት ዝተፃሕፈ ድማ እቶም ዝተዛተይሎም ዛዕባታት ኣብ እዋን ዘተ ኣባላት ብንፁር ምእንቲ ክርእይዎም ዝቐርቡሉ እዩ።

ቀንዲ ረብሓታት ምጥቃም ቻርት እዞም ዚስዕቡ እዮም፤

- ብሓባር ዝተዛተይሎም ዛዕባታት ብምውዳብ ኩሎም ኣባላት ክርእይዎምን ከማሓይሹዎምን ንምግባር፤
- ዝተልዓሉ ሓሳባት ብመልክዮም ንምውዳብ፤
- ኣጣጣሒቲ ነቲ መስርሕ ብሓፈሻ ዝነድፉሉን ብንፁር ዘርእዩሉን ዕድል ምሃብ፤
- ከምኡ'ውን ኣጣጣሒቲ ካብ ሓደ ገፅ ናብ ካልእ ገፅ ኣብ ዝምጥን ግዜ እናተሰጋገሩ ንቅልጣፈ ናይቲ ምይይጥ ክቆፃፀሩ ንምኽኣል እዩ።

## 6.2.2 - ሕጊ ቃላት

### ሕጊ ቃል#1 - ነቲ ቃል ከምዘለዎ ተጠቐመሉ።

ብኣፍ ዝቐርቡ ሓሳባት መብዛሕትኡ ግዜ ብሓጺሩ ይፅሓፉ እዮም። እዚ ግን ኣብ ትርጉም ዘይተሓሰበ ለውጢ ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ሞያውያን ኣጣጣሕቲ ካብ መደረ/ዘረባ ቀንዲ ቃላት ኣርቲዮም ዝሕዙ፣

- ቀንዲ ቃላት ናይቲ ዘረባ ብግቡእ ብምድማፅ፣
- እዞም ቀንዲ ቃላት ከየምልጡዎም ብምርግጋፅ፣
- ነቲ ብሓጺሩ ዝፀሓፉዎ ዳግም ብምንባብ፣
- ከምኡውን ቅኑዕነቱን ተቐባልነቱን ብምርግጋፅ እዩ።

እዚ እንትበሃል ድማ "እዚ ድዩ እቲ ዝፀሓፍኩዎ? ነጥብታትካ ግርም ጌረ ዶ እርደኦ ኣሎኹ?" "እቲ ዝፀሓፍክዎ ቅኑዕ እንተኾይኑ እስከ ንገረኒ?" ከም ምባል እዩ።

### ሕጊ ቃል #2- ቃላት ንምቕያር ፍቓድ ምሕታት

እቲ ቅኑዕ ቃል እንተዘይተዘረቡ ወይ ብዙሕ እንተተባሂሉ፡ እቲ ኣጣጣሒ ሓድሽ ቃል ክሕብር ይኽእል። ግን:

- ፍቓድ ኣባላት ክረክብ ኣለዎ፣
- ከምኡ'ውን እቲ ዝፅሓፍ ዘሎ ግቡእ መግለፂ ናይቲ ዝተባህለ ምዃኑ ከረጋግፅ ይግባእ።

ትርጉሙ ድማ "ኣብዚ ዝተፈለየ ቃል ተጠቒመ፡ ምቕያሩ ፀገም ዘስዐብ ዶ ይመስለኩም?" "እቲ ዝበልካዮ ናብዚ..... ቀይረዮ። ግቡእ ድዩ?" ከም ምባል እዩ።

## 6.3 - ኣብ ኣጠቓቕማ ቻርት ዝሕግዙ ኣገደስቲ ነጥብታት

ኣብ ምጥቃም ቻርት ነዞም ዝስዕቡ ክትገብርዮም/ዘይክትገብርዮምን ዘለኪ ኣስተውዕሊ፣

ግበሪ -.... ንተሳተፍቲ ዝበሉዎ ከምዘሎዎ ፀሓፊ፡ ነቲ ሓሳብ ምቅንባር ኣብ ዘድልየሉ እዋን

ኩሉ ግዜ ናይቲ ዘተመሓላለፈ መልእኽቲ ቀንዲ ቃላት ተጠቐሚ። እቲ

እትፅሕፍዮ ነቲ እተመሓላለፈ መልእኽቲ ዚገልፅ ምኻኑ ኣረጋግፂ።

ኣይትግበሪ - ...... ንዛዕባታት ባዕልኻ-ትርጉም ሂብካ ምፅሓፍ ግቡእ ኣይኮነን። እቲ ፅሑፍ/መዘኻኸሪ

ንተሳተፍቲ ምኻኑ ኣይትረስዒ። ብዛዕባ እቲ ዝተመሓላለፈ ሓሳብ ርግፀኛ

እንተዘይኮይንኪ "እንታይ ክፅሕፍ?" ኢልኪ ሕተቲ።

ኣይትግበሪ - ...... ብዛዕባ ፊደላት ተጠንቀቒ፦ እቶም ፊደላትን ቃላትን ጌጋታት እንተኾይኖም እቶም ተሳተፍቲ ምናልባት ክይፈትውዎ ይኽእሉ እዮም፡ ከምኡውን እናተንስኡ ኣብ ዕማም ምጥባሕ ጣልቃ ምእታው ክገብሩ ክደፋፍኦም ይኽእል።

ግበሪ - ....... ብሓንሳዕ ምዝራብን ምፅሓፍን። እዚ ንምግባር ኣፀጋሚ እዩ።

እቲ መስርሕ ሓሊኻ ንምኻድ ግን ይሕግዝ።

ኣይትግበሪ - ...... ብቻርት ክትዕገቲ ወይ ምስቲ ቻርት ክትዛረቢ የብልክን። ካብ እትፅሕፍሉ እዋን ወፃኢ፡ ነቲ ዝተፀሓፈ ከተንብቢ ከለኺ፡ ኣብ ጎኒ እቲ ቻርት ደው ኢልኪ ምስቶም ተሳተፍቲ ምሉእ ገፅኪ ክጥምት ይግባእ።

ግበሪ - ...... ንጡፍ ምንቅስቓስ ግበሪ። ኣብቲ ቻርት ተጣቢቕኪ ኣይትፅንሒ። ኣገዳሲ ሓሳብ ምስ ዝለዓል ናብቲ ተዛራባይ ቀሪብኪ ነቲ ዝበሃል ዘሎ ኣቓልቦ ግበሪ።

ኣይትግበሪ - ...... ነዊሕ ዘተ እናተገብረ ፅሑፍ ከይፀሓፍካ ኣብ ጥቓ ቻርት ደው ምባል ኣይግባእን።

እቲ እግመ ቅድሚ ምፅሓፉ ፅቡቕን ጠቓሚን ዘይክመስል ይኽእል እዩ።

ቀንዲ ሓሳባትን ቃላትን ሓዚ። ድሕሪኡ ሓደ ብሉፅ ሓሳብ ካብኡ ይወፅእ።

ግበሪ - እትጥቀመሎም ቃላትን ሓረጋትን ፅፉፋት ይኹኑ። ንኣብነት "ዕዮ ጉጅለ" ካብ ዝብል
"ሰኑይ ንግሆ ሰዓት 4፡00 ንዕዮ ጉጅለ ንራኸብ" ዝብል ዝያዳ ሓጋዚ እዩ።
እቲ ቻርት ንተሳተፍቲ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ኣብቲ ኣኼባ ዘይነበረ ሰብ እውን

ግቡእ መልእኽቲ ከምዘመሓላልፍ ኩሉ ግዜ ክረጋገፅ ይግባእ።

ግበሪ - ........ ብፀሊም፡ ሰማያዊ ወይ ካልእ ድሙቕ ሕብሪ ፀሓፊ። ከም ቀይሕን ሓሳስን

ካብ ርሑቕ ንምርኣይ ዘፀግሙ ሕብርታት ካብ ምጥቃም ተቖጠቢ።

ኣይትግበሪ - ...... ብሉፅ ናይ ኢድ ፅሑፍ እንተድኣ ዘይሃሊኪ፡ ብጥልፍልፍ ኣይትፅሓፊ። እኳደኣስ

ብድሙቕ ብምፅሓፍን ዓበይቲ ፊደላት ብምጥቃምን ብድሕሬኺ ዘለዉ ኩሎም

ነቲ ፅሑፍ ከንብብዎ ከም ዝኸእሉ ኣረጋግፂ።

ግበሪ - ...... ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ቻርታት ኣብ ዙርያ እቲ ክፍሊ ብምጥቃዕ ሰባት ኣብ ምንታይ ዛዕባታት

ምይይጥ ከም ዝተኻየደ ከም ዝርድኡ ግበሪ።

ኣይትግበሪ - ....... ነቲ ናይ ቻርት ስራሕ ንብሕትኺ ኣይትሓዝዮ። ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን

ካልኦት ድማ ኣብ ኣናእሽቱ ኾነ ዓበይቲ ጉጅለታት ኖት ክወስዱ (ማስታወሻ

ክሕዙ)ን ክውድቡን ምግባር የድሊ። እዚ ድማ ንተሳትፎ ምንቕቓሕ የዕቢ።

ከምኡውን እቲ ኣኼባ ናይቲ ኣጣጣሓይ ጥራሕ ዘይምኳኑ ዝሕብር

ኣተሓሳስባ የደልድሎ።

## ክፋል 7 - ሜላታት ኣፈታትሓ ዘይምስምማዕ

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤

- ዘጋጥሙ ዘይምስምማዓት ኣባላት ጉጅለ ናይ ባዕላቶም ሓሳብ እንክይገደፉ ክፍተሕሉ ዝኽእል መሪሕነት ናይ ምህላው ኣገዳስነቱ ትኹረት ምግባር፤
- ብጣልቃ ምእታው ኣካይዳ ኣባላት ንምቕላስ ዝሕግዙ ሜላታት ምርኣይ፤
- ፍሉይ፣ ዘይጎነፃዊን ውዕኢታዊን ሜላ ኣፈታትሓ ዘይምስምማዕ ምክፋል፤
- ኣብ ዝኾነ ኣኼባ ክጋጥሙ ዝኽእሉ ክምዚ ዝኣመሰሉ ከበድቲ ኩነታት ንምስጋር ዝኽእል መምርሒ ምርኣይ እዮም።

### 7.1 - ትርጉም

ጣልቃ ምእታው እንትበሃል ዘጋጠመ ዘይምስምማዕ (ሕንፍሽፍሽ) ንምምሕያሽ ዝውሰድ ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ እዩ።

ጣልቃ ምእታው ኣድላይ ዝኸውን እቶም ወገናት ነቲ ዘይምርድዳእ ባዕሎም ከማሓድሩዎ ኣብ ዘይክእሉሉ እዩ።

ከምዚ ዝበለ ኩነት ነዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ዘይምስምማዓት የጠቓልል፤

- ክልተ ሰባት ዓው ዝበለ ጎናዊ ክትዕ እንተሃልይዎም፤
- ኣባላት ጉጅለ ኣብ ስምዒታዊ ክትዕ እንተኣትዮም፤
- ውልቀሰባት ናይ ሕጫጩ ድምፅታት ከስምዑ ከለዉ፤
- ሓደ ኣኼባ ብድምፂ ሞባይላትን ቃናታት ምልክትን ምስ ዝቋረፅ፤
- ካብ መስመሩ ዝወፀን ግጉይን መጐት ምስ ዝህሉ፤
- እቶም ኣቕረብቲ ዘቕርቡዎም ዛዕባታት ኣብ ዝተመደበሎም ግዜ ኣብ ዘይዛዘሙሉ እዋን፤

## 7.2 - ጣልቃ ንምእታውን ንዘይምእታውን ምውሳን

ኣጣጣሕቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንእሽቶ ፀገም ጣልቃ ምእታው ክገብሩ ትፅቢት ኣይግበርን። እቲ ፀገም ከቢድ ምኽኑን ንቕድሚት ንምስጓም ዕንቅፋት ክኸውን እዩ ኢሎም ምስ ዝኣምኑ ጥራሕ እዮም ስጉምቲ ዝወስዱ።

ገለ ክትውስን ዝሕግዙ ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

- እቲ ፀገም ብሓቂ ከቢድ/ኣሻቓሊ ድዩ?
- ባዕሉ ፍታሕ ክረክብ ይኽእል ድዩ?
- እቲ ጣልቃ ምእታው ክሳብ ክንደይ ዘይተደለየ ሳዕቤን ክስዕብ ይኽእል?
- እቲ ጣልቃ ምእታው ብገለ ምኽንያት ክፈሽል ይኽእል ድዩ?
- እቲ ጣልቃ ምእታው ነቲ ሃዋህው ብኣሉታ ክፀልዎ ይኽእል ዶ?
- እቲ ጣልቃ ምእታው ንኽብርን ርእሰ-ምትእምማንን ናይ ውልቀሰብ ዚነክእ ድዩ?

ብተደጋጋሚ ጣልቃ ምእታው ኣይግቡእን። ብባዕላቶም ፍታሕ ዘይረኽቡ ምኽኖምን እቲ ጣልቃ ምእታው ኣገዳሲ ዝኾነሉን ሾነት ምርኣይ የድሊ።

## 7.3 - ሞዴል/ኣርኣያ ናይ ጣልቃ ምእታው ቃላት

ቅልጡፍን ዘየቐይምን ጣልቃ ምእታው ንምግባር ዘኽእሉ ሰለስተ ብርኪታት ዘለዉዎም ሞዴላት ጣልቃ ምእታው ኣለዉ። መትከል እቲ ጣልቃ ምእታው፤

- እቲ ጣልቃ ምእታው ኣብ ሓደ ውልቀ ሰብ ንምትኳር ወይ እቲ ውልቀሰብ ድኹም ወይ ከንቱ ዝኾነ ኮይኑ ክስምዖ ንምግባር ኣይኮነን።
- ኣብ መስርሕ ጣልቃ ምእታው ኹሉ ግዜ ተሳተፍቲ ብዛዕባ ዘይግቡእ ጠባያት ንኽፈልጡ ንምሕጋዝ እዩ ፃዕሪ ዝግበር።
- ሸቶ ጣልቃ ምእታው ኹሉ ግዜ ተሳተፍቲ ኣካል ጉጅለኦም ኮይኖም ናብ ኣዕጋብነት ዝምለሱሉ ኩነት እዩ።

ቀዳማይ ብርኪ - ኢትርእዮ ምግላፅ፤

- ነቲ ኢትርእዮ ካብ ናይ ባዕልኻ ውልቃዊ ኣተሓሳስባን ትዕዝብትን ውፅእ ኢ.ልካ ግለፅ።
- እዚ ኣብ ቁምነገር ጥራይ ተመርኲሱ ዝግለፅ ኾይኑ ውልቃዊ ኣረኣእያ ወይ ደፋፋኢ ምኽንያት ክገልፅ ትፅቢት ኣይግበርን።

ነዚ ኣብነት ዝኸውን ኣበሃህላ ድማ "ነዓይ ከምዚ ኾይኑ ይስመዐኒ..." ዝብል እዩ።

ካልኣይ ብርኪ - ፀላዊ መግለፂ ምሃብ፤

- እቲ ዘይግቡእ ጠባይ ዘስዕቦ ሳዕቤን ምግላፅን እቲ ጣልቃ ምእታው ንምንታይ ከምዘድለየ ምግላፅን፤
- እንተተኻኢሉ እዚ ኣሰካፊ ምኳኑ ነቲ ኢትእርሞ ሰብ ግለፀሉ።

ነዚ ኣብነት ዝኸውን ኣበሃህላ ድማ "ስክፍታይ ..." ዝብል እዩ።

ሳልሳይ ብርኪ - ንጠባይ ናብ ካልእ ኣንፈት ምምራሕ፤

- ኣባላት ጉጅለ ክግበር ዘለዎ ዝመስሎም ምሕታት ወይ...
- ነቲ ኩነት ፍታሕ ክትህብ ንክትክእል ነቶም ኣባላት ጉጅለ ሕተቶም

ነዚ ኣብነት ዝኸውን ኣበሃህላ ድማ "በይዛኹም... እንታይ እንተተገብረ ይሓይሽ..." ዝብል እዩ።

.

## ክፋል 8 - ምክትታል መስርሒ

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፣

- ሓደ ኣኼባ ክቋረፀሎም ዝኽእል ሕቡኣት ምኽንያታት ምምርማር፣
- ኣብ ሓሳባትን ድሌታትን እቲ ጉጅለ መሰረት ጌርካ ንኣዕጋብነት እቲ ኣኼባ ናብ ንቡር ዝመልሱ ፍሉያት ንጥፈታት ብምርኣይ፣
- ነቲ መስርሒ ብዕሑፍ ንምክትታል ዝሕግዙ ሜላታት/ስትራተጂታት ምክፋል፣

### 8.1 - መእተዊ ንምክትታል ናይቲ መስርሒ

ኣኼባ ውፅኢታዊ ዘይክኾነሎም ዝኽእል ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ፣

- እቲ ኣርእስቲ ካብ ትፅቢት ንላዕሊ ዝተሓላለኸን ንኹሉ ትሕዝቶኡ ንምዝታይ ካብቲ ዝተተለመ ግዜ ንላዕሊ ዝሓትትን እንተኾነ ፣
- ትኹረት ናይቲ ዕላል ቀስ ብቐስ ካብቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ኣርእስቲ እናረሓቐ እንትኸይድ፣
- መጋበርያ ናይቲ መስርሒ ወይ እቲ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ኣገባብ ነቲ ዘተ ዘይምጥን እንትኾን፣
- ቅልጣፈ እቲ መስርሒ ደንጓዪ/ዘይስሉጥ እንትኾን፣
- ውልቀሰባት ድኻም እንትስምዖም፣

እቲ ኣኼባ ውፅኢታዊ ከምዘይኮነ ዝሕብሩ ግዳማዊ ምልክታት ዘይክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ እቶም ኣጣጣሕቲ ነቲ "ምክትታል መስርሒ" ዝበሃል ብቐፃሊ ይጥቀሙሉ።

### 8.2 - ምክትታል እቲ መስርሒ እንታይ እዩ ትርጉሙ?

- ካብ ዓይነታት ጣልቃ ምእታው ሓደ ኾይኑ፡ ኣብቲ ኣኼባ ርኡይ ፀገም እንተዘይሃለወ እኳ ኣዕጋብነት ንምግምጋም ዝተነድፈ እዩ።
- 
- እቲ እንኮ ዕላማ ምክትታል እቲ መስርሒ ኣድማዕነት ናይቲ ጉጅለ ንምምላስ እዩ።

## 8.3 - ስርዓት ምክትታል መስርሕ

ምክትታል መስርሕ ክለዓል ከሎ ኣርባዕተ መሰረታዊ ሕቶታት ኣለዉ። ኣጣጣሕቲ ሓደ፡ ክልተ፡ ሰለስተ ወይ ኣርባዕቲኦም ክረጋገፁ ይኽእሉ።

እቶም ኣርባዕተ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

1. ዕብየትን ምምሕያሽን ምርግጋፅ፤
2. ነቲ መስርሕ ምርግጋፅ፤
3. ቅልጣፈ ምርግጋፅ፤
4. ንተሳተፍቲ ምዕዛብ፤

### 1. ዕብየትን ምምሕያሽን ምርግጋፅ

እቲ ዕላማ ይዕወት እንተሎ ንኣባላት ሕተቶም። ዕላማ እቲ ኣኼባ ንፁር ኮይኑ ይቕፅል ከምዘሎ እቶም ኣባላት ገሊፆም ዶ? እቶም ኣባላት እቲ ዘተ ዝካየድን ዝቕፅልን ዘሎ ኣብቲ ኣርእስቲ ተመርኲሱ ምዃኑ ዶ ይገልፁ ኣለዉ? ንቕድሚት ይስጉሙ ከምዘለዉ ዶ ይኣምኑ ኣሎዉ?

- እቲ ዕብየትን ምምሕያሽን መዓዝ ክረጋገፅ ኣለዎ?
  - ውሑዳት ሓሳባት ጥራይ ምስ ዝለዓሉ፤
  - ትርጉም ዘይብሉ ዕላል ምድግጋም ምስ ዝህሉ፤
  - ሓሓሊፉ
  - ከምኡውን ኣብ ግዜ ምጥቕላል ሓሳባት እዩ።

### 2. ነቲ መስርሕ ምርግጋፅ

እቲ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ሜላን ኣገባብን ብግቡእ ይሰርሕ እንተሎ ንኣባላት ሕተቶም። በዚ ሜላን ኣገባብን ክሳብ ክንደይ ክንዓዙ ከም ዝኽእሉ ሕተት። ሓድሽ ኣገባብ፣ ሜላን ብልሓትን ኣቕርብ።

- እቲ መስርሕ መዓዝ ምርግጋፅ የድሊ?

- እቲ ዝስረሐሉ ዘሎ ሜላ ዘይኣዕጋቢ እንትኾን፤
  - ብመሰረት እቲ መስርሕ ዘይጓዓዝ ከምዘሎ እንተደኣተነፂሩ (ኣብ መንጐኡ)፤

## 3. ቅልጣፈ ምርግጋፅ

ነገራት ብግቡእ ቅልጣፈ ይኸዱ ምህላዎም ነቶም ኣባላት ሕተቶም። ነቲ ስምምዕ ዝተገብሮ መደብ ኣዘኻኽሮም።

- ➢ ቅልጣፈ መዓዝ ክረጋገፅ ኣለዎ?
  - ነገራት ዝደንገጐዩ እንትመስሉ፤ ነገራት ኣመና ዝቐልጠፉ እንትመስሉ፤
  - ተሳተፍቲ ዝተሃወኹ እንትመስሉ፤
  - በብእዋኑ ድማ ይግበር እዩ።

## 4. ንተሳተፍቲ ምዕዛብ

ነቶም ኣባላት ከመይ ከምዘለዉ ሕተቶም።

ሕጂ ውን ብግቡእ ይከታተሉ አሎዉ ዶ?

ተሳተፍቲ ድኻም ይስምዖም አሎ ድዩ?

ብመስርሕን ምዕባለን እቲ ኣኼባ ዕጉባት ድዮም?

- ➢ መዓዝ እዩ ንተሳተፍቲ ምዕዛብ ዘድሊ፧
  - ኩሉ ግዜ ተሳተፍቲ ክደኽሙን ክርበሹን ክደናገሩን ከለዉ።

በብእዋኑ እውን ይግበር እዩ።

## ክፋል 9 - ኣወዳድባ እቲ ዘተ

*ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤*

- *ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዘተ ከምዘለዉ ምርኣይ፤*
- *ኣብ ክልቲኦም ዓይነታት ዘተ ኣብ ዝተሓላለኹ ዛዕባታት ውሳነ ዝወሃበሎም ሜላታት ምዕዛብ፤*
- *ኣብ መንጎ ክልቲኦም ሞዴላት ዝህሉ ቐፃሊ ምስግጋር ንምምሕዳር ዘኽእሉ ፍሉያት ኣገባባት ምችራብ፤*

### 9.1 - *መእተዊ*

*ኩሎም ዘተታት ሓደ ዓይነት ይመስሉ። ግን ዘይርአ መዋችር ኣለዎም። ኩሎም ዘተታት ካብ ክልቲኡ ዓይነታት ኣብ ሓዲኡ ይምደቡ፡ ንሳቶም ድማ ውሳነ ዘየድልዮ ዘተን ውሳነ ዘድልዮ ዘተን እዮም።*

### 9.2 - *ውሳነ ዘየድልዮ ዘተ*

- ❖ *እዚ ዓይነት ዘተ ኣባላት ጉጅለ ሓሳብ ዝለዋወጡሉ ወይ ሓበሬታ ዝረኽብሉ እዩ። ኣብነታት ናይ ውሳነ ዘየድልዮ ዘተ እዞም ዚስዕቡ ይርከቡዎም፤*
    - *ሓሳብ ንምችራብ ዝከኣለሉ ሓፈሻዊ ዘተ ዝግበረሉ ግን ድማ ውሳነ ዘይውሰዶ፤*
    - *ልውውጥ ሓበሬታ ኮይኑ ኣባላት ጉጅለ ተመኩሮታቶም ዘካፍሉሉ ወይ ንባዕላቶም ምስ ኩነታት ዘፋልጡሉ ዘተ፤*
    - *ውልቃዊ ሕርያታት ወይ ቀንዲ ዛዕባታት ፈሊኻ ንምዝርዛር ዝግበር ዘተ፤*

*ልሙድ መለለይ - ልውውጥ ሓበሬታ ይግበር እምበር ኣብ ዛዕባታት ኣብ ስምምዕ ንምብፃሕ ኣይኮነን ዝካየድ።*

### 9.3 - *ውሳነ ዘድልዮ ዘተ*

*ውሳነ ዘድልዮ ዘተ ዝበሃል ናይ ተሳተፍቲ ሓሳባት ኣወሃሂዱ ኣብ ተግባር ዘውዕል ወይ ድማ ደምቢ ኮይኑ ዝወፅእ እንትኾን ኩሎም ኣባላት ተግባራዊ ወይ ቅቡል ምኳኑ ዝኣምኑሉ እዩ።*

*ውሳነ ዘድልዮ ዘተ ዝተፈላለየ ባህሪ ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣጣጣሕቲ ድማ ብዝተፈለየ መገዲ ክፍፀም ክገብርዎ ኣለዎም።*

## <u>ክፋል 10 - *መጋበርያታት ውሳነ*</u>

*ዕላማታት ናይዚ ክፋል፣*

- *ጉጅለታት ውሳነ ዝህቡሉም ዝተፈላለዩ መገድታት ምዝርዛርን እዞም መገድታት ንኣባላት ጉጅለ ዝጥርንፉ ድዮም ወይስ ዝመቓቕሉ ምኳኖም ምንፃር፣*
- *ነፍሲ ወከፍ መገዲ ተግባራዊ ዝኾነሉ ኩነታት ምርኣይ፣*
- *ዝተፈላለዩ ሜላታት ውሳነ ብኸመይ ተዋዲዶም ዝተሓላለኸ ፍታሕ ክፈጥሩ ከምዝኽእሉ ምግላፅ፣*

## 10.1 - *መእተዊ*

*ምሃብ ውሳነ ካብቶም ንኣጣጣሕቲ ዝብድሁዎም ዕማማት ሓደ እዩ።*

*መብዛሕትኡ ግዜ ዘይምስምማዓት ዝፍጠሩ ኣብ ብርኪ ምሃብ ውሳነ፡ እዚ እንትበሃል ተሳተፍቲ ዘተ መርገፂታት ክሕዙን ኣብ ስምዒታዊ ክትዕ ክዋፈሩን ከለዉ እዩ።*

*ካልኦት መስርሓት ዘተ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ፍልጠት ዝተመርኮሱ እኳ እንተኾኑ፡ ጉጅለታት ግን እቲ ውሳነ ከመይ ከምዝውደብ ብግቡእ ክይሓሰቡን ኣብቲ ናይ መወዳእታ ውፅኢት ከብፅሑ ዝኽእሉ ኩሎም ኣማራፂታት ኣካቲቶም ክይተዓዘቡ እዮም ቀው ኢሎም ዝውስኑ።*

## 10.2 - *ግደ ኣጣጣሕቲ ኣብ ምሃብ ውሳነ*

*እቲ ጉጅለ ውሳነ ኣብ ዝህበሉ ብርኪ ምስ በፅሐ፡ እቲ ኣጣጣሒ እዞም ዝስዕቡ ክገብር ትፅቢት ይግበር፣*

- *ከጋጥሙ ዝኽእሉ ዘይምስምማዓት ንምንካይ ዘኽእሉ ሜላታትን መጋበርያታትን ምድላው፣*
- *ኣወንታዊ ኩነታት ንክህልዉ ዘድልዩ ንቡር ኣሰራርሓታት ምህላዎም ምርግጋፅ፣*
- *ዘይምስምማዓት ንምንካይ ክህሉ ዝኽእል ዘይግቡእ ጠባያት ኣንፈት ንምቕያር ዘኽእል ጣልቃ ምእታው፣*

## 10.3 - እቶም ሓሙሽተ ኣማራፂታት ውሳነ

ኣወሃህባ ውሳነ ስርዓት ንምትሓዝ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ናይ ምጥማሕ መጋበርያታት ኣለዉ። እዞም መጋበርያታት ከምዚ ዝስዕብ ዝተዳለዉ እዮም፤

- ዝፍለጡ ማሕለኻታት ንምስጋር፤
- ርትዓውነት ንምዕባይ።
- ማዕረ ተሳትፎ ንምርግጋፅ፤
- ዋንነትን ተወፋይነትን ንምዕባይ እዮም።

ነዞም ኣማራፂታት ነፍሲ ወከፎም ናእዳ ይኹን ነቐፌታ ይቐርቦም እዩ። ኩሎም ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ክሰርሑ ዝኽእሉ እዮም። ስለዚ ድማ እንታይነት እቶም መጋበርያታት ብግቡእ ተረዲእካ ኣየናይ መጋበርያ ንኣየናይ ኩነት መዓዝ ከም ዝውዕል ብምልላይ፣ ንጉጅለታት ዝምጥን መጋበርያ ምቕራብ ሓላፍነት እቲ ኣጣጣሒ እዩ።

### ኣማራፂ ውሳነ #1 - ኣብ ሓፈሻዊ ስምምዕ ምብፃሕ

ኣባላት ጉጅለ ሓሳባት ብምክፋልን ብሓባር ብምስራሕን ረብሓ ኩሎም ኣባላት ዘንፀባርቕ ስትራተጂ ንምምዕባል ዘኽእል ምይይጥ ምግባር፤

እቲ ኣጣጣሒ ዝለዓሉ ሓሳባት በብግደ ብምቕራብ ሓባራዊ ርድኢት ክሳዕ ዝህሉ ምስርሑ ከም ናይ ሓፈሻዊ ስምምዕ ንክመፅእ ዘኽእል ኣብነት ተጌሩ ክውሰድ ይከኣል።

ዝተዋደደን ብርኪ ብብርኪ ፀገማት እናፈታሕካ ኣብ ሓባራዊ ፍታሕ ምብፃሕ ውን ካልእ ኣብ ስምምዕ ንምብፃሕ ዝሕግዝ ሜላ እዩ ዝቑፀር።

ኣብ ሓፈሻዊ ስምምዕ ምብፃሕ ዝድገፍ፤

- ሰፊሕ ናይ ምድማፅ ዕድል ዝህብ ምኻኑ፤
- ኣብ ዝርዝር ሓሳባት ክትዛተ ዘኽእል ምኻኑ፤

- ኩሎም ኣማራጺታት ምፍታሽ ዘኽእል ምኳኑ፤
- ናይ ሕብረት ስርዓት ዝኽተል ምኳኑ
- ኩሉ ተዓዋታይ ዝኾነሉን ዝቕበሎን ውፅኢት ንምርካብ ዘኽእል፤ ከምኡውን
- ንኣባላት ጉጅለ ዝጥርንፍ ምኳኑ እዩ።

ብኻልእ ወገን ድማ እዚ ሜላ ኣብ ሓፈሻዊ ስምምዕ ምብፃሕ ዘይድገፍ ብዙሕ ግዜ ስለ ዝበልፅ እዩ። ስለዚ እዚ ሜላ እዚ ናይ ኩሎም ኣባላት ምትሕብባርን ብኩሎም ኣባላት ተቐባልነት ንዝጠልቡ ዛዕባታት እንተዝውዕል ይምረፅ።

ኣማራጺ ውሳነ #2 - ብድምፂ ሓፋሽ

እዚ ሜላ ዝሓሸን ቅድምያ ክወሃቦ ዘለዎን ኣማራጺ ውሳነ ኣብ ምልላይ ዝተመርኮሰ ኮይኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ ኩሉ ዛዕባታት ድምፂ ክህብ ብምግባር እቲ ዝተመርፀ ውሳነ ድማ ብቕደም ሰዓብ ይሰርዕ።

ንኣብነት - ንኣባላት ተሳተፍቲ ተለጣፊ ነጥብታት ብምሃብ ወይ ኣባላት ነጥቢ ክህቡ ብምግባር፡ ካብ ብዙሓት ኣማራጺታት እቲ ዝበለፀ ምልላይ ይከኣል።

ካብ ሓያሎ ኣማራጺታት ዝበለፀ ናይ ምሕራይ ሜላ ዝድገፍ፤

- ስርዓት ስለዝኽተልን ብቐሊሉ ስለዝሰርሕን፤
- ኣሳታፊን ውሳነ ሓፋሽ ዝቕበልን ስለዝኾነ፤
- ዘረባ ስለዘየለ ዘይምስምማዕ ክኸሰት ዘይምኽኣሉ፤
- ዝተሓላለኹ ኣማራጺታት ብቕልጡፍ ብስርዓት ክትሰርዕ ስለዘኽእል፤
- ተሳተፍቲ ውፅኢት ዝካፈሉዎን ዝቕበሉዎን ብምኳኑ፤
- ሓድነት ኣባላት ጉጅለ ስለ ዘደልድል።

ብኻልእ ወገን ድማ እዚ ካብ ብዙሓት ኣማራጺታት እቶም ዝበለፁ ናይ ምሕራይ ሜላ ዘይድገፈሉ መኽንያት ውሱን ዘተ ጥራሕ ክግበሮ ስለዝኽእልን ብሓቂ ቀዳምነት ክወሃቦም ዝግበኦም ኣማራጺታት ናብ ቅድሚት ዘይክመፁ ስለዝኽእሉን እዩ።

## ኣማራፂ ውሳነ #3 - ብበዝሒ ድምፂ

ኣባላት ጉጅለ ወይ ብድምፂ ወይ ብፅሑፍ ካብ ኣማራፂታት ሓደ ክመርፁ ዝሕተቱሉ ሜላ እዩ።

እቲ ሜላ በዝሒ ድምፂ ዝድገፈሉ ምኽንያታት፤

- ቅልጡፍ ስለ ዝኾነ። ከምኡውን
- ተሪር ዘየማትእ ስለ ዝኾነ እዩ።

ብኻልእ ወገን ድማ እዚ ሜላ በዝሒ ድምፂ ሰዓርን ተሳዓርን ስለ ዝፈጥር ኣይድገፍን እዩ። በዚ መገዲ ምድማፅ ንኣባላት ጉጅለ ይመቓቕሎም እዩ። ስለዚ ነዚ ሜላ እዚ ዘይወሳኒ ጉዳያት ንምግጣም ከምኡውን ምምቕቓል ጉጅለ ፀገም ዘየስዕበሎም ቴማታት ንምውሳን እንተንጥቀሞ ይሓይሽ።

## ኣማራፂ ውሳነ #4 - ምጥጣሕ

እዚ ሜላ ብምጥጣሕ ኣብ ውሳነ ምብፃሕ እንትኸውን ብሕልፊ ኣገዳሲ ዝኸውን ክልተ ወይ ልዕሊኡ ዝተፈላለዩ ኣማራፂታት እንትቐርቡን ኣባላት ጉጅለ ኣየናይ ክመርፁ ከምዘለዎም ክመቓቐሉ ከለዉን እዩ።

በዚ ናይ ምጥጣሕ ኣገባብ፤

- ኣባላት ጉጅለ ዝተፈላለዩ ኣማራፂታት ይድግፉ፤
- እቲ ሓደ ናይቲ ካልእ ኣማራፂ ኣይቅበልን፤
- ካብ ኩሎም ኣማራፂታት ዝተወሰኑ ነጥብታት ብምውሳድ ማእከላይ መማረፂ ይውሰድ፤
- እቲ ማእከላይ መማረፂ ተቐባልነት ምስ ዝረክብ ኩሎም ብመጠኑ ተዓወቲ እዮም፣ ብመጠኑ ድማ ተሰዓርቲ እዮም፤

እዚ ሜላ ምጥጣሕ ዝድገፍ ምኽንያቱ፤

- ካብ ዝተፈላለየ መርገፂታት ዝተወሰኑ ነጥብታት ምውሳድ ንኣደማዕነት እኹል ስለዝኾነ፤

- እቲ ማእከላይ መማረዒ ዝተወስደ ኣብ ግቡእ ምድምማፅን ሓቀኛን ክትዕን ተመርኲሱ ዝተወስደ እንተደኣኮይኑ ኣሉታዊ ጎኑ ክንከኢ ይኽእል እዩ።

ብኻልእ ወገን ድማ እቲ ናይ ምጥጣሕ ሜላ ዘይድገፈሉ ምኽንያት ብግቡእ እንተዘይተታሒዙ እቶም ኣባላት ብስምዒት ብምክታዕ መርገፂኦም ኣደልዲሎም ናይ ካልኦት መርገፂ ክነኣእሱ/ብንዕቐት ክነቕፉ ዝኽእሉ ተኽእሎ ኣሎ።

**ኣማራፂ ውሳነ #5 - ናይ ውክልና ውሳነ**

እዚ ሜላ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ሰባት ንኻልኦት ወኪሎም ውሳነታት ዝገብሩሉ ሜላ እዩ።

እዚ ሜላ ኣብታ ጉጅለ ዓሚቝ ፍልጠት ዘለዎ ክኢላ ምስ ዝህሉ እዩ ኣብ ጥቕሚ ዚውዕል፣ ሓደ ሰብ ወይ ውድብ ዘድልዮን ትዕቢት ዝግበሮን ሓበሬታ ምስ ዝህልዎ፣ ወይ ድማ ሓደ ሰብ ወይ ውድብ ጥራሕ ብዛዕባ እቲ ውፅኢት ተሓታቲ ዝኾነሉ ኩነታት ምስ ዝህሉ።

ንውክልና ውሳነ ንምድጋፍ ዝሕግዙ ምኽንያታት፣

- ቅልጡፍ ስለ ዝኾነ።
- ንፁር ተሓታትነት ስለዘለዎ።

ብኻልእ ወገን እዚ ኣገባብ እዚ ካልኦት ነቲ ውሳነ ዝልቅሑሉ (ዝካፈሉሉ) ዕድል ትሑት ብምዃኑ ዝድገፍ ኣይኮነን፣ (ብሕልፊ ኣብቲ ውሳነ ናይ ባዕሎም እታዎት ኣብ ዘየዋፅኡሉ ኾነት)።

እቲ ውሳነ ዝህብ ኣካል ቅድሚ ውሳነ ምሃቡ ምስቶም በቲ ውፅኢት ክፅለዉ ዝኽእሉ ኣካላት ተማኺሩ ናይ ገዛእ ርእሶም እታዎት ከካትቱ እንተገይሩ፡ እቲ ውሳነ ክልቀሑዎ (ክካፈሉዎ) ዘለዎም ተኽእሎ በብቑሩብ ይዓቢ።

## ክፋል 11 - መዛዘሚ ምጥጣሕ

ዕላማታት ናይዚ ክፋል፤

- ኣኼባ ብኣድማዓይነት ምዝዛሙ ነቲ ኣጣጣሒ ንምርግጋፅ ዝሕግዞ መቆፃፀሪ ዝርዝር ምቕራብ፤
- ኣኼባ ንምዕፃው ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ምርኣይ፤
- ኣብ ስምምዕ ንከይብፃሕ ዝገብሩ ዕንቅፋታት ንምእላይ ዘኽእሉ ሜላታት ምርኣይ፤
- ኣርኣያ ኣመዓባብላ መደብ ምርኣይ፤
- ድኹም ክትትልን ቁፅፅርን ንምእላይ ዘኽእሉ ስትራተጂታት ምክፋል እዮም።

11.1 - መእተዊ

እቲ መድረኽ ምይይጥ ብሓቂ ይዛዘም ከምዘሎ ተሳተፍቲ ብዘየስተማቕሩሉ ኣገባብ ነቲ ኣኼባ ምዕፃው ጌጋ እዩ። ብሕልፊ ከኣ እቲ ጉጅለ ክዕመሙ ዝግበኦም ንጥፈታት ኣብ ዘለለየሉ ሓነት ብከምዚ መገዲ ክዕፀው የብሉን። ውሳነ ኣብ ዘይወሃበሎም ኣኼባታት እውን እንተኾነ እቲ ኣጣጣሒ ዕማቹ ከቕርብ ትዕቢት ይግበሮ እዩ።

11.2 - ኣብ ስምምዕ ንከይብፃሕ ዝገብሩ ዕንቅፋታት ምእላይ

ናይ ስምምዕ ሓሳብ ቅቡልነት ክረክብን ክፀድቕን እንክሎ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ሰባት ድምፆም ዘይክህቡ ምኽኣል ልሙድ እዩ።

- ❖ እዞም ኣባላት ጉጅለ ኣብቲ ዘተ ክሳተፉ ዝፀንሑ እኳ እንተኾኑ፡ ምስቲ ኣብ መወዳእታ ዝተረኽበ ውፅኢትን ዝተበፅሐ መደምደምታን ምሉእ ንምሉእ ዘይክሰማምዑ ይኽእሉ እዮም።

ሓደ ካብቶም ኣብ ስምምዕ ንምብፃሕ ዘይክከኣል ዝገብሩ ዕንቅፋታት ንምእላይ ዝሕግዙ ሜላታት "ብርኪ ስምምዕ" እዩ።

## 11.3 - ትርጉም ብርኪ ስምምዕ እንታይ እዩ?

ብርኪ ስምምዕ ሓደ ካብቲ ሓፈሻዊ መግለጺ ዘይምስምማዕ ብምቕያር ንዘይምስምማዕ ብብርኪ ዘርኢ ሜላ እዩ።

ሜላ "ብርኪ ስምምዕ" ንናይ ምስምማዕ መጠን ኣብ ሓሙሽተ ብርኪታት ይምድቦ። ንሳቶም ድማ:

1. እቶም ኣነ ፍፁም ኣይሰማማዕን እየ ከምኡውን ኣብቲ ዝቐረበ ውሳነ ሓያል ፍልስፍናዊ ተቓውሞ ኣለኒ ዝብሉ፤
2. ኣብ ልዕሊ እቲ ዝቐረበ ውሳነ ተሪር ተቓውሞ ኣለኒ ዝብሉ፤
3. እቶም ኣብቲ ዝቐረበ ውሳነ ሓደ ወይ ክልተ ተቓውሞ ኣለኒ ዝብሉ፤
4. እቶም ምስቲ ዝቐረበ ውሳነ ንሰማማዓሉ ዝብሉ፤ ከምኡውን
5. በቲ ዝቐረበ ውሳነ ምሉእ ንምሉእ እሰማማዕ እየ ዝብሉ።

## 11.4 - ትልሚ/መደብ ስራሕ ምድላው

ኩሎም ውሳነ ዝወሃበሎም ዘተታት ብዝርዝር ትልሚ ስራሕ ክዛዘሙ ይግባእ። ኣብ ኣጀንዳ ኣጣጣሕቲ ንምድላው ትልሚ ስራሕ ዝኸውን ግዜ ክካተት ይግባእ። ትልሚ ስራሕ ንምድላው ዝወስዶ ግዜ ከከም መጠን ተሓላላኽነቱ ካብ ውሑዳት ደቓይቕ ክሳብ ብዙሕ ሰዓታት ክኸውን ይኽእል።

## 11.5 - ትልሚ ስራሕ ንምድላው ዝውሰዱ ስጉምትታት

ምድላው ትልሚ ስራሕ ነዞም ዝስዕቡ የካትት፤

- እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ክውሰዱ ከምዘለዎም ምልላይ፤
- ኣተገባብራ ምዝርዛር፤
- ንነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ዝተመደበ ግዜ፤
- ፈፃሚ ኣካል እቲ ዝተረቖሐ ንጥፈት፤
- መብርሂ ትዕቢት ዝግበረሉ ውፅኢት፤
- ሓበርቲ ፍፃመ ንነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ክሕዝ ይግባእ።

ምእንተ ክትትልን ቁፅፅርን ኣጣጣሕቲ ኩሉ ግዜ ነቲ ትልሚ ስራሕ ምስ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ጉጅለ ተሰማሚዖም ከፅድቑዎ ትፅቢት ይግበር።

## 11.6 - ምፍታሕ ፀገም

እቲ ጉጅለ ኣብ ክትትል ዘለዎ ታሪኽ ዕዉትነት ትሑት ምኳኑ እንትፍለጥ ሜላ ምፍታሕ ፀገም ምጥቃም የድሊ።

ምፍታሕ ፀገም እንትበሃል እቲ ትልሚ ስራሕ ንከይዕወት ዝኽልክሉ ኩነታት ዝግምገሙሉ መስርሕ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ኣጣጣሒ ንኣባላት ጉጅለ ከምዞም ዝስዕቡ ዓይነት ሕቶታት ክሓትት ይኽእል። እዚ እንትበሃል፤

- ኣየናይ ክፋል ትልምኻ/መደብካ እዩ እቲ ኣዝዩ ከቢድ፣ ዝተሓላለኸን ልዑል ቆላሕታ ዝጠልብን?
- ኣብ ቀዳምነታት እንታይ ዓይነት ሃንደበታዊ ለውጢታት ክግበር ይከኣል?
- እንታይ ዓይነት ትካላዊ ማሕለኻታትን ዕንቅፋታትን ከጋጥሙ ይኽእሉ?
- እንታይ ዓይነት ሞያዊ ወይ ንዋታዊ ፀገማት ደው ከብሉና ወይ ከደናጉዩና ይኽእሉ?
- ኣብ ግምት ከነእትዎም ዝግበኣና ጉዳያት ሓይሊ ሰብ ኣለዉ ዶ?
- ኣባላት ጉጅለ ቃል ዝኣተውሉ ጉዳይ ዘይፍፅሙሉ ኩነት እንታይ እዩ?

በዚ መገዲ እዚ፡ ዕንቅፋትን ማሕለኻን ክኾኑ ዝኽእሉ ጉዳያት ድሕሪ ምልላይ፡ እቲ ኣጣጣሒ፡ ንጉጅለታት ነዚኣቶም ንምፍታሕ ዝኽእሉሎም ስትራተጂታት ንኽለልዩ ይሕግዞም።

እዞም ስትራተጂታት እዚኦም ድማ ናይ ባዕልቶም ትልሚ ስራሕ ክዳሎወሎም ከምዝኽእል ልብ ንበል።

ምፍታሕ ፀገም ግዜ ዝወስድ ክኸውን እኳ እንተከኣለ ጉጅለታት ኣብ ካልእ ግዜ ኣብ ተመሳሳሊ ኣርእስቲ ዳግማይ ምይይጥ ንከየካይዱ የኽእል።

## 11.7 - መጠቓለሊ ናይቲ ኣኼባ

ኣጣጣሕቲ ጉጅለታት ነቲ ኣኼባ ንኽጠቓልሉ ካብ ምሕጋዝ ብተወሳኺ ነዞም ዝስዕቡ ይገብሩ፤

• ዝፀንሑ ጉዳያት ኣለሊኻ ብምእካብ ንቐፃሊ እዞም ጉዳያት ብከመይ ምፍታሕ ከምዝከኣል ምርኣይ፤

- ጉጅለታት ዘተ ንዝቕፅል ኣኼባኦም ኣጀንዳ ክሕንፅፁ ምሕጋዝ፤
- ኣገባብ ናይቲ ክትትል ምውሳን — ዕሑፋዊ ፀብፃብ ወይ ፀብፃብ ጉጅለ ምቕራብ ክኸውን ይኽእል፤
- ጉጅለታት መን ናብቲ ፍሊፕ ቻርት ክቐድሖ ከም ዘለዎ ንኽውስኑ ምሕጋዝ፤
- ኣባላት ነቲ ዘተ ንኽግምግሙዎ ምሕጋዝ።

11.8 - ድሕሪ ዘተ ዝግበር ግብረ መልሲ

ግዳማዊ ኣጣጣሒቲ ግብረ መልሲ/ርእይቶ ዝእክቡሉ መገዲ የማዕብሉ። እዚ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል፤

- ዕሑፋዊ ገምጋም፤
- ምስ መራሒቲ ጉጅለታታት ብኣካል ዘተ፤

11.9 - መዛዘሚ ርኢቶታት

ኣጣጣሒቲ ኩሉ ግዜ ከምዚ ብምባል ክዓፅዉ ይግባእ፤

• ነቲ ኣኼባ ሊቀ መንበር ናይ ምኳን ዕድል ስለዝተዋህቦም ምምስጋን። ኣብቲ ዘተ ተሳተፍቲ ንዝገበሩዎ ምትሕብባርን ደገፍን ምስጋና ምሃብ።